ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን
Catholic Eparchy of Keren
P.O.Box 460 Tel. 00291-1-401907
Fax 401604 e-mai: cek@tse.com.er
KEREN - ERITREA

Keren:23 ግንቦት 2007
Ref.No.CEK/BP/153/07

**ዝከበርኩም**
**ቆመሳትን ሓለፍቲ ገዳማትን**
**ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን**
**_____________________**

## <u>ርእሰ ነገር፤ ብዛዕባ ሰንበትን ኣከባብራኣን</u>

ሰላም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ናይ እኖና ማርያም ኣማላድነትን ምስ ኵልካትኩም ይኹን። ሰንበት ኣብ ሕይወት ክርስትያን ዓቢይ ቦታ ዘለዋን፡ ምሥጢረ ክርስትና እነስተትነላን፡ ብነፍስን ብሥጋን ኣዕሪፍና ጉዳይ ድሕነትና እንሰርሓላ ዕለት ምዃኑ ታሪኽዐ ክርስትና ይምህረና። ብምኽንያት ሕብረተሰብኣውን ቁጠባውን ለውጥታት ግን ግቡእ ክብሪ ሰንበት ኣብ ብዙሕ ክፍልታት ዓለምና ጎዲሉ ይርከብ። ኣብ ዓድና እውን ግምት ሰንበት ከምቲ ናይ ቀደም ጊዜ ከምዘይኮነ ባዕልና ንነብሮ ዘሎና እዩ። ሰንበት ናይ ዕረፍቲ ዕለት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ልዕሊ ኩሉ ናይ እምነት መዓልቲ እያ። ንሱ ስለዝኾነ ከኣ ኤጳርቅና ከረን ብዝተኻእለ መጠን ኣብቲ ናይ ቀደም ክብራን ልማድን ንምምላስ ጽዕሪ ይገብር ኣሎ፡ ኣብ ምእመናና ዝርኤ ዘሎ ምዝጋዕ ዕበየት ሰንበት ክእረም ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ምኽንያቱ ሰንበት መዓልቲ ውራያትን ጉዳያትን ኮይና ምርኣይ ንወዲ ክርስትና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽዐ ብሕሊና ዘሕትት እዩ።

ሰንበት ዘምክበር ከኣ ምፍራስ ሕጊ እግዚኣብሔርን፡ ሕጊ ቤተ ክርስትያን ምዃኑ ክንግዘብ ይግባእ። ኣብዚ ርድኢት እዚ ተመስሪትና ከኣ ኣብ ሃገር ሰባት ብሰንበት መዓልቲ ብፍላይ መርዓ ን፡ ጽንብላትን ከይግበር ከልኪልና ከምዘሎና ዝዝከር እዩ። ንጊዜኡ ክርኤ ተባሂሉ ከተማ ከረን ዘለዋ ቍምስናታት ከም ዘለዋኦ ከምዘለዋ ዝዝከር እዩ።

ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ ተምሰሪትና ከኣ ቍምስናታት ከረን እውን ከምተን ካልኦት ቍምስናታት ኤጳርቅና ከረን፡ ብሕገ ሰንበት ክምእዘዛ ስለዝኾና፡ ኣብ ከረን ትረከቡ ቆመሳት ክሳብ በዓለ ቅ. ዮሓንስ ዘሎ ጊዜ ንምእመናኩም ብዝግባእ ከትቅርብዎም ሓደራ እብል።

ብበዓለ ቅ. ዮሓንስ ብእዋጅ መልክዕ ኣብ ቍምስናታት ከረን መርዓ ኮነ ጽንብላት ኣብ ሰንበት ከምዘይፍቀድ ክንገር ስለዝኾኑ፡ ምእምናን **ጉዳይ እምነት** እምበር ማሕበራዊ ጉዳያት ጥራሕ ከምዘይኮነ ተረዲኣም ክጸንሑ ግብእ ትምህርትን ክወሃቦም እምሕጸን።

ነዚ ጉዳይ እምነት እቲ ብሓቂ ክርስትያን እየ ንዝብል ዘማትእ ከምዘይኮነ ከኣ ብሩህ እዩ። ኣብ ከረን እውን ሰንበት ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ዝተኣታተወ ደኣምበር ቅድም ከማኡ ከምዘይነበረ ምስክር ንሓተሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ስለዚ ኵልኽን ቆመሳት ካብ <u>**ባሕቲ ሰነ 1999 ግዕዝ (8 June 2007)**</u> - ሚርኩም ንምእመናንኩም መደብ ሰሪዕኩም ከም እትምህርዎም ይኹን።

+ኣባ ኪዳነ የዕብዮ
በጸጋ እግዚኣብሔር ወበሥምረት መንበረ ጴጥሮስ
ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን

# ናክብር ሰንበቶ በጽድቅ

ሰንበት ዝብል ቃል ምስ "ሻብት" ዝብል ስርወ ቃል ዝተተሓሓዘ ስለዝኮነ "ምዕራፍ ወይ ምቁራጽ" የስምዕ። "ምዕራፍ" ዝብል ምስ ዝተፈላለየ ትሕዝቶታ ዝተፈላለየ ትርጉም ክህልዎ ይከኣል። ከም ስርወ ቃል ምስ ቛንቋ ኣካዳውያን "ሻፓቱ" ምስ ዝብል ርክብ ከምዘለዎ ይንገር፡ ኣብዚ መዓልቲዚ ሥራሕ ምግባር ሓደጋዐ ምኳኑ ይሕብር። ናይ ቋንቋ ዕብራይስጥ "ሻባት" ዝብል ናይዚ ጽልዋ ዘለዎ ይመስል። እዚ ከኣ ካብ "ሸባዕ" ሸወዓተ ካብ ዝብል ዝተወሰደ'ዩ፡ኣብ መርሓ ዕለት ኣይሁድ ናይ ሰሙን ሻብዓይቲ መዓልቲ የመልክት።
ኣይሁድ ነዚ ቃል'ዚ "ካብ ስራሕ ደው ምባል"ምዕራፍ ይትርጉምዎ፡ዘፍጥ 8፡22, ኢያሱ 5፡12, ዘፀ 5፡5, ኢሳ 13፡11, ኤር 7፡34፡
እዚ እዩ እቲ ቅዱስ መጽሓፍ ኣብ ዘፍጥ 2፡2-3 ዝሀቦ ትርጉም።ስለዚ ሰንበት ፡ሰባት ካብ ሥራሕ ዘዕርፉላ መዓልቲ እያ።
ብሰንበት ፡

- ሸቀጥ ዝክልከለሉ (ኣሞጽ 8፡15)
- ነቲ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ (ነቢይ) እትርከበሉ (2 ነገ 4፡23)
- ካብ ሥራሕ እትዓርፈሉ (እንስሳ ከይተረፈ) ዘፅ 23፡12,34፡12 ዘዳግ 5፡12-15)

ኣብ ርእሲ'ዚ ኦሪት ዘዳግም ሰንበት ቅድስት ክትከውን ይምዕድ (2 ነገ 4፡23 )፡ንናይ እምነት ነገራት ዝተሓዝኣት መዓልቲ፣ ሓደ ንሰንበት ዘክብራ ቅድስት ገይሩ ምስ ዝሕዛ ጥራሕ እዩ' ይብል፡ ዘፀ 20፡810, 31፡13-16 ኢሳ 56፡2,6፡
→ ንሰንበት ምስዓር ማለት ከኣ ነቲ ቅድስናኣ ምርካስ ማለት'ዩ፡ነህምያ13፡15-22 ኢሳ 56፡2,6, ሕዝ 20፡16-26 22፡8,26. ሰንበት በዞም ዝስዕቡ ትራከስ፡

- ዕድጊ/ሸቀጥ(merchandize) በዚ ምክንያት ነሂምያ ሸቀጥ ከይካየድ ብሰንበት ኣፍደገታት ኢየሩሳሌም ዓጸዎ፡ (ነሄም 13፡15-22)
- ጾር ምስካም(ኤር 17፡21-27) እዚ ከኣ ሰንበት መዕረ ክንደይ ክብርት(ቅድስቲ) ምኳና ይሕብር።

➢ ኦሪት ዘፍጥ-ሰንበት ኣምላክ ሥራሕ ፍጥረት ዘዕረፈላ ስለዝኮነት ሰብ ከኣ ካብ ዕለታዊ ሥራሑ ኬዕርፍ ይእዝዝ (ዘፍጥ2፡1-3)፡ ኣብ ዘፀ 20፡8-10 ተጻሒፉ ዘሎ ኣብ ሰንበት ምዕ ራፉ እቲ ምክንያት፡ኣምላክ ኣብኣ ስለዘዕረፈ ነታ መዓልተ፡ ቅድስት ክንገብራ፡ ሰብ ኮነ እንስሳ ከይሰርሕ ይእዝዝ።

1. ሰንበት ካብ ጊዜ ሓዋርያት - ሚሩ "መዓልቲ ጐይታ" ተባሂላ ትጽዋዕ ነበረት፡ኣብ ታሪክ ቤ/ያን ሰንበት ምስ ምስጢር-ክርስትና ብዘለዋ ምትእስሳር ፍሉይ ግምት ተዋሂብዋ ንርኢ።ምክንያቱ መዓልቲ ትንሣኤ ክርስቶስ ስለዝኮነት፡ ንሳ ሰሙናዊ ዝክሪ-ትንሣኤ ስለዝኮነት ክርስቶስ ምልኣት ቀዳማይ ፍጥረትን - ማሪ ሓዲስ-ፍጥረትን ዝኮነ፡በዓል እያ(2ቆሮ5፡17) በዚ ምክንያት'ዚ ምስ ዳዊት መዘምር ኮንና "ዛቲ ዕለት እንተ ገብረ እግዚኣብሔር ንትፌሣሕ ወንትሓሰይ ባቲ" (መዝ 118(117)፡24) ንብለላ ዕለት እያ።
2. መሰረታዊ ኣድላይነት ዕለተ ሰንበት፡ኣብዚ ታሪክ ናይ ክልተ ሽሕ ዘመን ወትሩ ንዝተፈልጠ፡ጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ ከምዚ ቢሉ የጻድቆ፡ ንሰንበት ምክባር ከምዘድሊ

ዕለት ትንሣኤ ዝመሠረቱ ብሓዋርያት ዝተመሓላለፈ ትውፊት፡ቤተ ክርስትያን ኣብ ነፍስ ወከፍ ሰሙን ናይ ጐይታና ዕለት ወይ ከኣ ሰንበት ተባሂሉ ዝጽዋዕ መዓልቲ ፋሲካዊ ምሥጢር ትዝክር።ስለዚ ኣብዚ መዓልቲዚ ኣመንቲ ክርስቶስ ኣብ ሓደ ቦታ ንክእከቡ ትሑዛት ኢዮም።
ቃል ኣምላክ ክሰምዑን ቅዱስ ቊርባን ክሳተፉን፡በዚ ከኣ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ሕማማትን ትንሣኤን ክብርን ክዝክሩን፡ "ብናይ ትንሣኤ ካብ ምውታን ብብዝሒ ምሕረቱ ንሕያው ተስፋ ከምሓዲስ ዝወለዶም ኣምላክ (1ጴጥ፡1፡3) ከመስግኑ ኣለዎም። ናይ ጐይታና ዕለት፡ እታ ቀንዲ በዓል ምኳና ድማ ምእመናን ክንገሩን ክመሃርዎን ኣለዎም።ስለዚ እዛ መዓልቲዚኣ ብሓቂ ናይ

ደስታን ናይ ዕረፍትን ትከውን።ካልኡት ዝክረ በዓላት ብሓቂ ዓበይቲ እንተዘይኮይኖም፡ካብታ መሠረትን ቀንድን ናይ ምሉእ ሉጡርጊያዊ ዓመት ዝኾነት ሰንበት ቀዳምነት ክወሃቦም የብሉን። ( ቅ. ጉባኤ 106)

3. ክሳብ ቀረባ ጊዜ ኣብ ክርስትያናዊ ባህሊ ዘለወን ሃገራት፡ቅድስና ሰንበት ርዱእ ብምኳኑ ሰንበት ከም ዕለተ ዕረፍቲ ተሓጊጉ ኩሉ ሥራሓት ደው ኢሉ ክውዕል ይርኤ ነበረ።ሎሚ ግና፡ሕብረተሰብኣውን ቁጠባውን ለውጥታት ብዘምጽኦ ተጽዕኖ ቅርጻ ሰንበት ተለዊጡ ንረክቦ።በዚ ከኣ፡መጨረሻ-ሰሙን (week end) ብዝበሃል ሰሙናዊ ዕረፍቲ፡ሓድሓደ ጊዜ'ውን ካብ መንበሪካ ፍንትት ቢልካ እተዕርፈሉ፡ ከማኡ ኣብ ባህላውን፡ ስፖርታውን፡ ፖለቲካውን ዝሕለፈሉ ግዜ ኮይኑ ንርከብ።ኣብ ሕዝብና እውን ብተመሳሳሊ ሰንበት እታ ዝበዝሐ ስራሕ ዝካየደላ ዕለተ ቈጸራ፡ ዕለተ ጉዳያት፡... ... ማሕበራዊ ጉዳያት ከም መርዓ ፍሉይ በዓላት ጽንብላት ምርቃታት ... ወዘተ ብምኳኑ ኣመንቲ ጉዳይ ነፍሶም ክገብሩላ ዝተሓሰበ ብዝሓየለ ጕድኑ ጉዳይ ሥጋዊ ነገራት ዝገብሩሉ ኮይና ትርከብ ሰንበት መጫረሻ ናይ ሰሙንን ዕለተ ጉዳያትን ኮይና ምስ እትተርፍ ካብቲ መሠረታዊ ሓሳብን ርድኢትን ስለ እንወጽእ ሰባት ብዛዕባ ምድራዊ'ምበር ብዛዕባ ሰመያዊ ከይሓስቡ ዓቢይ መከልከልታ ትከውን።

ነዚ ከኣ ኣብ ግምት ብምእታው መምርሒ ቤተክርስትያን ብምክታል ከኣ ዓሚቝ ትምህርታዊ መሰረት ሰንበት ኣብ ሕይወት ክርስትያን ዘለዎ ትርጉም ምእመናን ብንጹር ክፈልጡ ኣለዎም።ነዚ ብምግባር ከኣ ነቲ ንዘመናት ዝተኻዕዘ ኣሰር ልምዲ ቤተክርስትያን ክንክተል ይግባእ።ኣመንቲ ክርስትና ንሕማማትን ትንሣኤ፡ ክብርን ናይ ኢየሱስ፡

- ብምስማዕ ቃለ-እግዚኣብሔርን፡
- ኣብ መኣዲ ጐይታ ብምስታፍን ንክብክርዎን፡
- ነቲ ካብ ሞት ብምትንሣኡ ሕያው ተስፋ ዝሃበና፡ብብዝሒ ምሕረቱ ብሓድሽ ልደት ዉሉድ ዝገበረና ኣምላክኦ ምእንቲ ክነመስግን (1ጴጥ፡1፡3) ሰንበት ተሰርዓልና።ንሰንበት ቅድስቲ ገርካ ምውዓል-ልዕሊ ኩሉ-ኣብ መኣዲ ጐይታ ብምስታፍ ብክርስትያናዊ መንፈስን ሕይወትን ዕ ረፍቲ ብምግባር እዩ።

## ➢ <u>ሰንበት መዓልቲ ጐይታ ሥራሕ ፈጣሪ ነብዕለሉ</u>

### 1) ዮሓ 1፡3 "ብኣኡ ኩሉ ነገር ኮነ" ይብል።

ንክርስትያን ሰንበት በቲ ናይ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ክብሪ ዝብርሃት በዓለ ትንሣኤ እያ።ንሳ ናይቲ "ሓዲስ ፍጥረት" በዓል እያ።ነዚ ብዕምቈት እንኪንሓስቦ ካብቲ ኣብ ቀዳሞት ገጻት ናይ ቅዱስ ጽሑፍ ዝነግረና መደብ-ኣምላክኦ ብዛዕባ ፍጥረተ ዓለም ዝፍለ ኣይኮነን።ሓቂ ኣብ እዩ ኣብ ምልኣተ ጊዜ፡ እቲ ቃል ሥጋ ኮነ (ገላ4፡4)፡ ብልክዕ ከኣ ብምሥጢረ እንታይነቱን ካብ ዘለዓለም ካብ ኣቦ ብምላዱን ከኣ ናይ ተፈጥሮ (universe) መሠረትን መጨረሻን እዩ። በዚ ከኣ ዮሓ 1፡3 "ብኣኡ ኩሉ ነገር ኮነ፡ብዘይካ ብኣኡ ካብቲ ዝኾነ ብዘይካኡ ዝኾነ የልቦን" ዝብል።ሓዋርያ ጳውሎስ'ውን ናብ ቆላስያስ እንኪጽሕፍ፡ "ከመይ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ ኩሉ ዝርኤን ዘይርኤን...ኩሎም ብኣኡ ዝተፈጥሩ እዮም" (ቆላ 1፡16) ይብል።ኣብ ነገረ-ፍጥረት ኣምላክኦ ናይ ወልድ ህላዌ ኣብ ምሥጢረ ትንሣኤ ብምልኣት ተገሊጹ፡ ምክንያቱ ክርስቶስ ነቶም ዝሞቱ በኸዉ ትንሣኤ ብምኳኑ ነቲ ሓድሽ ፍጥረት ኣቆመ፣ እዚ ማለት ነቲ ብሓጢኣት ዝማሰነ ኣረጊት ፍጥረት፡ ብሞቱን ትንሣኤኡን ሓድሽ ፍጥረት ገበሮ።

### <u>2) ኣምላክኦ ብመ- መርያ ሰማይን ምድርን ፈጠረ(ዘፍጥ1፡1)</u>

ዘፍጥረት ቅድሚ ናይ ተፈጥሮ ዕምቈት ምርኣይ፡ነቲ ነዚ ካብ ኢምንት ናብ ህላዌ ዘምጽኤ ኣምላክኦ ዕብየትን ኣምልኮኡ ከም ዝግባእ የርኢ።ነገር-ተፈጥሮ ዓሚቝ መንፈሳዊ ትርጉም ዘለዎ ታሪክኦ እዩ፣ ንኣምላክኦ ነቲ እንኮ ፈጣሪ ዝቀርብ መዝሙር እዩ።በቲ ሓያልን መሓርን ኢዱ ኣምላክኦ ንዝተሠርሐ ጽባቄ ፍጥረት ዝሕብር መዝሙር'ውን እዩ። "ኣምላክኦ ጽቡቅ ከምዝኾነ ርኣየ"

(ዘፍጥ1፥10,12)፡ ዓለም ክሳብ ኣብቲ መሠረታ ዝኾነ ኣምላኽ ጸኒዓ ትርከብ ጽብቕቲ እያ።ብሰንኪ ሓጢኣት ኣብ ዝተበላሸወትሉ ጊዜ'ውን፥ብጸጋ ከም እንደገና ጽብቕቲ ኮይና ኣብቲ ዝፈጠራ ተመሊሳ እያ።
ኣብ ምዝዛም ተፈጥሮ ኣብ መበል ሻብዓይ መዓልቲ ኣምላኽ ካብ ሥራሕ ኣዕረፈ (ዘፍጥ 2፥2)። በዚ ሰብኣዊ ኣገላልጻ ናይ ኣምላኽ ካብ ሥራሕ ምዕራፍ-ኣብ መንጎ ፈጣርን ተፈጥሮን ዘሎ ርክብ ዘርኢ ጥራሕ ዘይኮነ፥ብመንጽር ዓለም ናይ ደቂ ሰባት ሥራሕ'ውን ዘብርህ እዩ።ሰብ ንዓለም ክነብራ ጥራሕ ዘይኮነ ሓናጺኣ'ውን ስለዝኾነ መማርሒቲ-ኣምላኽ ይኸውን።"ወድሰብ ብኣርኣያን ኣምሳልን እግዚኣብሔር ተፈጥረ፥ንዓለም ምስ ኩሉ ትሕዝቶኣ ብፍትሕን ቅድስናን ክመልካ ከኣ ትእዛዝ ተቀበለ (ፍስሓን ተስፋን GS 34)

## ሰንበት፥ኣምላኽ ዘዕረፈላ መዓልቲ

ኣብ ሻብዓይ መዓልቲ ኣምላኽ ሥራሕ ፍጥረት ምስ ውድኤ ኣዕረፈ(ዘፍጥ 2፥2)፥እዚ ማለት ንኣምላኽ ዕረፍቲ የድልዮ ኮይኑ ዘይኮነስ ናይቲ ዝተፈጥረ ነገራት ምልኣት እዩ ዘርኢ። ንቲ ዝፈጠሮ ከኣ ጽቡቕ ምኻኑ ረአየ (ዘፍጥ 1፥3)፥እንኪብል ኣምላኽ ምስቶም ዝፈጠሮም ብፍላይ ከኣ ምስቲ ኣክሊል-ፍጥረት ኣኾነ ሰብ ዘለዎ፥ርክብን ተገልጸን ብምግላጽ ንሰብ ንቲ ብኣርያኡን ኣምሳሉን ዝፈጠሮ ናይ ፍቕሪ-ኪዳን ምሳኡ ንኺኣቱ ጸውዮም።በዚ ከኣ ኣምላኽ ንኹሎም ደቂ-ሰብ በቲ ዘድሕን ኪዳን እስራኤል ኣብ ክርስቶስ ምልኣት ዝረኸበ ድሕነት ወፈየሎም።

ኣብ መደብ ኣምላኽ ኣብ መንጎ ሥርዓተ-ፍጥረትን ሥርዓተ-ድሕነትን ፍልልይን ርክብን ኣሎ፥ እዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን፥ንሰንበት ከም ኣምላኽ ዘዕረፈላ ጥራሕ (ዘፀ 20፥8-11) ዘይኮነ፥ ንቲ ካብ ባርነት ግብጺ (ዘዳግ 5፥12-15) ነጻ ብምግባር ምስ ዝሃቦም ድሕነት ዝራኸብ እዩ።

## ኣምላኽነታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ባረኾ ቅድስቲ ከኣ ገበራ ( ዘፍጥ 2፥3)

ትእዛዝ ሰንበት ኣብ መደብ ኣምላኽ ዝተሰረተት እያ፥ ከምቲ ካልእ ትእዛዝ ዘይኮነት ካብተን ዓንዲ ሞራላዊ ሕይወት ኣብ ልቢ ደቂ ሰባት ጽሑፋት ዝኾና 10 ትእዛዛት እያ።
እዚ ትእዛዝ እዚ ኣብ እስራኤል ደሓር ከኣ ኣብ ቤተክርስትያን እንኪቀውም፥ከም ሕብረተሰብ መንፈሳዊ መምርሒ ዘይኮነ፥ምስ ኣምላኽ ዘሎና መሰረታውን ዘይበርስን ርክብ ዝገልጽ ኣብ ቅ.መጽሓፍ ዝተኣወ- ን ዝተዘርግሔን ተገልጸ እዩ።ሎሚ ኣመንቲ ነዚ ሓቂ'ዚ ክርድእዎን ኪፈልጥዎን ይግባእ።እቲ ኣድላይነት ዕረፍቲ ምስ ሰብኣዊ ድኻምነት'ኳ ግድነት እንተኾነ፥ኣብ ሰንበት ምዕራፍ ግን፥ንቲ ዓሚቍ ትርጉሙ ክህበና ዝኽእል እምነት ጥራሕ'ዩ፥
-ስለዚ ብቀዳምነት ሰንበት ብኣምላኽ ዝተባረኸትን ዝተቀደሰትን፥ካብ ካልእ መዓልታት ከኣ ተፈልያ"መዓልቲ ጐይታ" ተባሂላ እትፍለጥ መዓልቲ ዕረፍቲ እያ።

- ንቲ ቀዳማይ ትንተና ፍጥረት ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝርከብ "ሰንበት ቅድስቲ'ያ"ንዝብል ብምልኣት ንክንርድኦ፥ንቲ ዝኾነ ነገር ናብ ኣምላኽ ይምለስ ንዝብል ሓቂ ምሉእ ታሪኽ ክንግንዘቦ ይግባእ።ምኽንያቱ ቦታን ጊዜን ናብ ኣምላኽ እዩ፥ንሱ ናይ ኩለን መዓልታት ኣምላኽ'ምበር ናይ ሓንቲ መዓልቲ ኣምላኽ ኣይኮነን።
- ስለዚ ኣምላኽነታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ናቱ መዓልቲ ክትከውን ብፍሉይ ቡራኬ ዝቀደሳ

ካብ ኮነ፥ዕብየታ ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝተመርኮሰ ስለዝኾነ ኩሉ ሰብኣዊ ሕይወት ኩሉ ጊዜን ናይ ኣምላኽ ውዳሴን ምስጋናን ይኸውን።ርክብ ሰብ ምስ ኣምላኽ ድሙቕ ዕላል ኪኸውን ፍሉይ ጊዜ ጸሎት ይሓትት።መዓልቲ-ጐይታ እምበር ናይ'ዚ ርክብ ሰባት ኣብ ኣምላኽ ዘዕርገላ ናይ መዝሙርን ድምጺ ተፈጥሮን ዕለት እያ።በዚ ከኣ እያ ዕለተ-ዕርፍቲ'ውን እትኸውን።ካብቲ ኣህላኺ ዘድክምን ተደጋጋምን ተጽዕኖ ሥራሕ ፈልያ፥ዕለተ-ተሓድሶ ብምኻና ሰብን ንሱ ዝነብረላ ዓለምን ኣብ ኣምላኽ ከም ዝደልዩ፥መሠረት ህላዌኦም ኣባኡ ምኻኑን ዝፈልጡላ እያ።"ኩሉ ነገር ናይ ኣምላኽ'ዩ"፥ዕለተ-ጐይታ (ሰንበት)ከኣ ብተደጋጋሚ ነዚ መሪሕዚ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ተመላሊስና ክንዝክሮ ትእው- ልና።በዚ ከኣ ፍጥረትን(The universe)ታሪኽን ናይ

ኣምላክሰ ምኳኖም ተዘካከሩና።ብዛይካ ሥሩዕ ኣፍልጦ ናይዚ ሓቂ'ዚ፡ሰብ ኣብ ዓለም ከም ናይ ኣምላክመሠረት ክገልግል ኣይክእልን።

## "ንመዓልቲ ሰንበት ቅድስቲ ጌርካ ክትሕልዋ ዘክር"

ዘፀ፡20፡8 ንዕለተ ሰንበት ቅድስቲ ኮይና ክትውዕል ዝእዝዝ በዚ ዝስዕብ ምኽንያት እዩ።

- ኣነ እግዚኣብሔር ብሸዱሽተ መዓልቲ ንሰማይን ምድርን ባሕርን ኣብኣቶም ዘሎ ኩሉን ፈጠርኩ፥ ብሳብዓይቲ መዓልቲ ከኣ ኣዕረፍኩ (ዘፀ 20፡11) "ቅድስቲ ጌርካ ንክትሕልዋ ዘክር" ይብል፣ ኣቲ ዝዘከር፡እቲ ዓቢይን መሠረታውን ሥራሕ ኣምላክፍጥረት እዩ፣ ናይዚ ዝከዐ ከኣ ንናይ ሰብ መንፈሳዊ ሕይወት ብምብራህ ነታ ሰብ ዘዕርፈላ መዓልቲ ይመልእ።ዕረፍቲ እምበር መንፈሳዊ ግምት ይወስድ።እቲ ኣማኒ ከዕርፍ ጥራሕ ዘይኮነ ብውዳሴን ብምስጋናን ንኩሉ ፍጥረት ናብ ኣምላክሰ ስሒቡ፡ኣብ ኣምላክሰ ከዕርፍ እውን ዝተጸውዔ ኣብ ኦሪት ዘዳግም 5፡12-15 ኣብ መንጎ ዕረፍቲ ሰንበትን ዝከዑን ኣመልኪቱ መሰረት ትእዛዝ-ኣክብሮ ሰንበት ኣብ ርእስቲ ናይ ኣምላክሰ ዘገርም ናይ ፍጥረት ሥራሕ፡ብፍሉይ ከኣ ካብ ባርነት ግብጺ ብሓያል ኢድ ኣምላክሰ ነጻ ዝኮነሉ ብምርኣይ" ንመዓልቲ ሰንበት ከምቲ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላክካ ዝኣዘዝኩካሰ ቅድስቲ ጌርካ ሓለዋ፡ሽድሽተ መዓልቲ ዕየ፡ኩሉ ተግባርካ'ውን ግበር፡እታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ግና ናተይ ናይ እግዚኣብሔር ኣምላክካ ሰንበት እያ፡...ንስካሰ ድማ ኣብ ሃገረ ግብጺ ባርያ ከምዝነበርካ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላክካ ከኣ ብጽንዕቲ ኢድን ሓያል ቅልጽምን ካብኣ ከምዘውጻእኩካሰ ዘክር፡ስለዚ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላክካ መዓልቲ ሰንበት ክትሕሉ ኣዘዝኩካሰ ይብል።

## ካብ ሰንበተ-ኣይሁድ ናብ ሰንበተ ክርስትያንን

ግልሳይ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ኣብ ናይ ኣምላክሰ ናይ ድሕነት ሥርሓት ዝተመርከሰ ስለዝኮነ፥ክርስትያን ከኣ እቲ ብክርስቶስ ዝተጸንበለ ሓድሽ ምጅማር፡ድሕሪ ሰንበተ-ኣይሁድ ዘላ ቀዳማይቲ መዓልቲ ጐይታ ካብ ሞት ዝተስኣላ ዕለት በዓል ገበርዋ።ከመይ ምሥጥረ-ትንሣኤ ክርስቶስ ናይ ዓለም ምሥጢረ-መሰረትን ናይ ታሪክሰ ድሕነት ጥርዝን ዝገልጽ ተገልጸ ክንድዝኮነ እዩ።ብትንሣኤ ክርስቶስ ሰንበት-ኣይሁድ ምልኣት ረኺባ፡ካብ ሻብዓይቲ መዓልቲ ከኣ ናብ ቀዳማመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን ካብ ዕለተ-ጐይታ ናብ ዕለተ-ክርስቶስ ተሰጋጊሩ።

- ሰንበት እነብዕል ብምኽንያት ትንሣኤ ክርስቶስ እዩ፡ቅዱስ ባስልዮስ "ብትንሣኤ ክርስቶስ ዝከበረት በኩሉ-ካልኦት ዕለታት ቅድስት ሰንበት"ይብላ፡ቅ.ኣጐስጢኖስ ከኣ"ምስጢረ ትንሣኤ" ይብላ።ጥቡቅ ርክብ ሰንበትን ትንሣኤ ክርስቶስን ኣብ ምሥራቅን ምዕራብን ዝወዕውዔ ልምዲ እዩ፡ብፍላይ ኣብ ባህሊ ምሥራቃውያን ኣብያተ ክርስትያናት

ነፍስወከፍ ሰንበት"መዓልቲ ትንሣኤ"እያ፡በዚ ከኣ ናይ ኩሉ ብመሠረት'ዚ ሕቡርን ኩላውን ባህሊ፡መዓልቲ-ጐይታ ኣብ ሥራሕ ፍጥረትን ኣብ ቅ.ጽሑፋዊ ምሥጢር"ዕረፍቲ" ኣምላኽሰ ዝተሰረተ ኮይኑ፡ብምልኣትንኽርዳኣ ግና ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ ክንርእያ ኣሎና።ሰንበተ-ክርስትያን ኣብ ነፍስ ወከፍ ሰሙን ንኣማኒ፡ንምሥጢረ ትንሣኤ ከም መሠረት ድሕነት ዓለም ኬስተንትን ኪነብርን ትመርሕ እያ።

- ኣብ ወንጌል ከም እንረክቦ፥
    1. ትንሣኤ ክርስቶስ ካብ ሙታን፡ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን (ማር 16፡2,9 ሉቃ24፡ 1 ዮሓ20፡1)
    2. ኣብ ሰንበት ንሰብ ኤማሁስ ትራእዮም (ሉቃ24፡13-55)ነቶም ዓሰርተ ወሓደ ሓዋርያት'ውን(ሉቃ24፡36,ዮሓ20፡19)
    3. ድሕሪ ሰሙን ከኣ ሓዋርያት ብሓንሳብ ከለዉ ኢየሱስ ተራእዮም (ዮሓ 20፡26) ንቶማስ ኣቁሳሉ ብምርኣይ ተላለዮ፥

4. ዕለተ ጰራቅሊጦስ'ውን፡ድሕሪ ፋሲካ ኣይሁድ ኣብ ዘሎ ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይተን ሸመንተ ሰሙናት (ግ/ሓ 2፡1) መንፈስ ቅዱስ ዝወረደሎም ዕለት ኮነ፡ሉቃ24፡49,ግ/ሓ1፡4-5)

እዚ እቲ ቀዳማይ ዕለተ ስብከትን ጥምቀትን እዩ፡(ግ/ሓ2፡41)፡እዚ ናይ ቤተክርስትያን ምሥረታ (ተገልጸ) እዩ።

- <u>ቀዳማይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን</u>

በዚ ምክንያት እዚ ካብ ጊዜ ሓዋርያት - ሚሩ፡"ቀዳመይቲ መዓልቲ ድሕሪ ሰንበተ ኣይሁድ" ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን ሕይወት ተኸቲሉ ክርስቶስ ክትሰርዕ እትጅምር።(1ቆሮ 16፡2)"በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን እንጌራ ክንቈርስ ተኣከብና(ግ/ሓ 20፡7-12)።እዚ ኣገባብ እዚ ንክርስትያን ካብ ከባቢኦም ዝፈልዮም ፍሉይ ጠባይ ኮነ። ኣብ ምጅማር 2ይ ክፍለ ዘመን፡ፕሊኒ እቲ ንእሽቶ ዝበሃል ኣመሓዳሪ ቢታንያ ኣብ ጸብጻቡ ክርስትያን ዝበሃሉ ኣብ ፍሉይ መዓልቲ፡ ፀሓይ ከይወጽኤ ተኣኪቦም ንክርስቶስ ዝበሃል ኣምላኽ መዝሙር ይዝምሩ...በለ።ክርስትያን ብዛዕባ መዓልቲ-ጐይታ፡ነታ ዕለት ትርጉም ትንሣኤ ብምሃብ ይዛረቡ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ እቲ ጐይታ፡ፊሊጲ2፡11,ግሓ2፡36,1ቆሮ 12፡3) ሰንበት ልዕሊ ኩሉ ዕለታት ኣገዳሲት ዝገብራ፡ክርስትያን ነቲ ብጥምቀት ዝተዋህቦም ድሕነትን፡ኣብ ክርስቶስ ሓደስቲ ፍጥረት ንዝገበሮም ዝዝክሩላ ዕለት እያ።"ብጥምቀት ምስኡ ተቀቢርኩም ብሓይሊ እቲ ካብ ምውታት ዘተንሥኦ ኣምላኽ ብምእማንኩም ድማ ምስኡ ተንሣእኩም(ቈላ 2፡12)ሮሜ 6፡4-6)

<u>ሰንበት መዓልቲ እምነት</u>

ሰንበት እታ ዝዓበየት ዕለተ እምነት ኮይና ንርክበ እቲ ናይ ቤተ ክርስትያን ነባሪ ኣዘካኽሮ ዝኾነ ምክንያቱ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ናይ ክርስቶስ ትንሣኤ ኣብ ነፍስ ወከፍ ተኸቲሊ ክርስቶስ ጭቡጥ ዝኾኑ ስለዝኾነ፡
ኣብ ሰንበት ብስሙ ኣብ ዝግበር ጉባኤ ኣመንቲ ከም ሓዋርያ ቶማስ"ጸብዕትካሀ ኣብዚ ኣንብር እሞ ኣእዳወይ ርኤ፡ኢድካ ኣብ ጐነይ ምለስ እሞ፡ኣምኒ'ምበር ተጠራጣሪ ኣይትኹን"(ዮሓ20፡17) ንዝብሎ ከስተማቅሩ ዝተጸውዑ እዮም።
በዚ ከኣ እዩ ብፍሉይ ኣብ ሰንበት ዝግበር ሥርዓተ ቅድሴ፡"ጸሎተ-ሃይማኖት"ንደግም፡እዚ ከኣ ናይ ጥምቀትን ትንሣኤን ጠባያት ሰንበት እና ኣወጅና ብፍሉይ መንገዲ እቲ ዝተጠምቀ ኣብ ክርስቶስ ወንጌሉን ዘለዎም ቅሩቡነት ዘሐድሱን፡ቃል ወንጌል ብምስማዕን ካብ ናይ ጐይታ ሥጋሁ ወደሙ ብምቅባል፡እቲ ዝተጠምቀ ንዝተንሥኤ ክርስቶስ ኣብዚ ቅዱስ ምልክት (ቅ.ቍርባን) የስተንትን፡ምስ ሓዋርያ ቶማስ ኮይኑ ከኣ "ጐይታይ ኣምላኸይን" (ዮሓ 20፡28) እናበለ እምነቱ ይገልጽ።

ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ንሕና'ውን ኣብዚ ጽንኩር ጊዜና እንታይነት ሰንበት ክንሕልዎን ብዕ ምቄት ክንነብሮን ይግባእ።ኣብ ዝሓለፈ ዘመናት ሰንበት ብሥሩዕ መንገዲ ቅድስቲ ኮይና ትበዓል ነበረት፡ጸኒሑ ሰንበት ብዕሊ/ሕጊ ከም ዕለተ-ዕረፍቲ ተሓጊጋ።መዓልቲ-ጐይታ ዝኾነት ሰንበት ንታሪኽ ቤተ ክርስትያን ን2000 ዘመን ሠሪዓቶ ንርኢ፡ብኸመይ ድኣ ንመጻኢ ክትሰርዖ ዘይትኽእል።ናይ ዘመንና ተጽዕኖ ንጥለባት ሰንበት ክመልእ ኣጸጋሚ ኮይኑ ንርኢ፡ቤተ ክርስትያን ከኣ ከም ኣደ መጠን ከኣ ኩነት ነፍስ ወከፍ ደቃ ብምርኣይ፡ንርእሳ ሓዲስ ስብከተ ወንጌልን ጉስነታዊ መድባትን ክትሓስብ ትጽዋዕ ከምዘላ ትርኢ።ኣብቲ ንቡር ጉዕዞ ሕይወት ደቃ ጸጋታት መዓልቲ-ጐይታ ተነፊጉዎም ወይ ተገሊሎም ክትርኢ ኣይትደልን።በዚ መንፈስ እዚ ከኣ እዩ ጉባኤ ቫቲካን"ናይ ጐይታ ዕለት እታ ቀንዲ በዓል ምኳና ድማ ምእመናን ክንገሩን ክመሃሩን ኣለዎም"(ቅ.ጉባኤ 106) ዝበል።ሰንበት ትርጉማን ትሕዝቶኣን ምስ መሠረታት እምነትና ዘለዋ ርክብ ብምግንዛብ በዓለ ሰንበተ-ክርስትያን ክእለ ዘይክእል ክርስትያናዊ መንነትና እያ።

## ➢ ሰንበት ዕለተ-ቤተ ክርስትያን እያ

ክሳብ መጨረሻ ዓለም ምሳኻትኩም ኣሎኹ (ማቴ28፥20) ዝብሎ ቃል መሠረት ሰንበት ናይ ዝሓለፈ ኩነት ዝክዐ ጥራሕ ኣይኮነትን እንታይ ደኣ ናይ ዝተንሥኤ ጐይታ ኣብ መንጎ ሕዝቡ ቀጻሊ ሕያው ህላዌ እያ።ነዚ ህላዌ'ዚ ብግቡእ ንምንጋሩን ንምንባሩን ተከቲልቲ ክርስቶስ ብግሊ ምጽላይን፥ ሞቱን ትንሣኤኡን ከኣ ብልብካዐ ጥራሕ ምዝካር ኣካሊ ኣይኮነን።እቶም ዝተጠምቁ ከም ግለ-ሰባት ጥራሕ ኣይኮነን ዝደሕኑ፥ ከም ኣባላት-ሰውነት ክርስቶስ እውን እዩ፥ስለዚ "ንቶም ፋሕ ዝበሉ ደቂ ኣምላኽ ንክኣክብ (ዮሓ11፥52) በቲ ሕይወቱ ዝሰውዔ ካብ ሞት ዝተንሥኤ ጐይታ ክእከቡ ዝተጸውዑ ስለዝኮነ፥ነቲ ሓቀኛ እንታይነት ቤተ ክርስትያን(ekklesia)ብምልኣት ተኣኪቦም ኪገልጽዎ ናይ ግድን እዩ።ንሳቶም ብህያብ መንፈስ ቅዱስ ብክርስቶስ ሓደ ኮይኖም እዮም (ገላ3፥28)።እዚ ሓድነት'ዚ ግልጺ ዝከውን እቶም ክርስትያን ምስ ተኣከቡ እዩ።ሻቡ እዩ ንሳቶም "እቶም ዝደሓኑ ምኳኖም ንዓለም ዝምስክሩሉ ምኳኖም ዝፈልጡ።

## ➢ ቅ.ቍርባን፥

ቅ.ቍርባን መግለጺ ሕይወት ቤተክርስትያን ጥራሕ ዘይኮነ ምንጪ-መሠረታ እዩ፥ቅ.ቍርባን ንቤተክርስትያን ይምግባን የቁማን፥ከመይ ሓደ እንጌራ ሓደ ሰውነት ጥራሕ'ዩ ዘሎ፥ክልኦት ኩልና ኣብቲ ሓደ እንጌራ እንካፈል ጥራሕ ኢና።(1ቆሮ 10፥17)፥በዚ ወሳኒ ምትሕሓዝ ምሥጢረ ሥጋሁ ወደሙ ናይ ጐይታ፥ምሥጢረ ቤተክርስትያን ይእወጅን ይንበርን።እዚ ውሽጣዊ ቤትክርስትያናዊ ጐኒ እዚ ኣብ ቅዳሴ ክዉን ይከውን።እዚ ኩነት እዚ ግና እቲ ማኅበረ-ክርስትያን ናይ ጐይታን ቅ.ቍርባን ናይ ቤተክርስትያን ምንጪ ሕይወት እዩ(ቁ.2177) ቅድሴ ሰንበት ብዕላውነቱን፥ግድነታዊ ህላዌ ማሥበረ ክርስትያን ኣብ ዝርከብዎን፥ኣብ ዕለተ ጐይታና ንሞት ዝሠዓረላ መዓልቲ ምግባሩን ነቲ ሓቀኛ ኩነት ቤተክርስትያን ይገልጽ።

ነፍስወከፍ ማኅበረ-ክርስትያን"እንጌራ ንምቁራስ"ምስ ኣባላታ እንክትእከብ ሻቡ ምሥጢረ ቤተክርስትያን ብጭቡጥ ክዉን ይከውን።በዚ ከኣ እዩ"ዕለተ-ጐይታ"ዕለተ-ቤተክርስትያን እትከውን።ኣብ ጉስነታዊ መዳይ ናይ ሰንበት ማሕበራዊ ኣበዓዕላ ክጽቀጡሉ ዝግባእ።ኣብ መንጎቲ ብዙሕ ኣገልግሎታት ቍምስና ከም ሰንበት ኣገዳስን ንቍምስና ከም ማሕበር ዝሓንጽን የልቦን።ጉባኤ ቫቲካን ነዚ ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል"... ከምኡ ድማ ቅዳሴ ሰንበት ናይ ሓባር ምስጋና ኣብ ዝፍጸመሉ ጊዜ፥ኣብ ቁምስና ናይ ሓደ ሥድራ ዝኮነ ሕብረተሰብ ስምዒት ንክዕብር ጻዕሪ ክግበር ኣለዎ" (ቅ.ጉባኤ ቁ.42) ፥ኣብ ሰንበት ምትእክኻል ጉንዖ-ዝተገብረሉ ቦታ ሓድነት'ዩ፥ነዚ ምልክት ቤተክርስትያን ዝኮነ ምሥጢረ ሓድነት ንምቋም ዝብዓል ብስም ቅድስት ሥላሴ ናይ ዝእከቡ ሕዝቢ መርኣያ እዩ።

ጉባኤ ሰንበት ንክርስትያን ሥድራቤቶም ከም ዘቤታዊት ቤተክርስትያን ወለዲ ምስደቆም ኣብ ቃልን መኣዲ ሕይወትን እንኪሳተፉ ናይ እንታይነቶምን ተልእኮኦምን ዝለዓለ መግለጺቶም እያ። ኣብዚ ወለዲ እዮም ብቀዳምነት ንደቆም ሰንበት ቅዳሴ ክሰምዑ ከስተምህርዎምን ኣብነት ኪኮንዎም ዝግባእ።

## ➢ ሰንበት፥ዕለተ-ተስፋ

ሰንበት መዓልቲ እምነት ጥራሕ ዘይኮነ መዓልቲ ተስፋ-ክርስትያን እውን እያ ናይቲ ካብ ሙታን ዝተንሥኤን ናብ ሰማይ ዝዓረገ ክርስቶስን ዝክዐ ምግባር፥እታ ማሕበረ ክርስትያን ናይ መድሓኒና ዳግም ምምጻእ ብናይ ታሕጓስ ተስፋ ምጽባይ ስለዝኮነ መዓልቲ ተስፋ-ክርስትያን ተባሂላ እታ ተስፋ ክርስትያን በዚ ሰሙናዊ ተደጋጋሚ ኣገባብ ተሓዲሳን ተመጊባን ናይ ሰባት መባከዕትን መብራህትን ትከውን።ከምቲ ኣብ ነፍስ ወከፍ ቅዳሴ ከምኡ ናብ ናይ ሰንበት እቲ ካብ ሙታን ዝተንሥኤ ጐይታ ኣብ መኣዲ-ቃልን፥ እንጌራ-ሕይወትን ንኣመንቲ ይራኸዐም፥

- ኣብ መኣዲ-ቃል እቲ ካብ ሙታን ዝተንሥኤ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ዝሃቦ ታሪኽዐ ድሕነት ብፍላይ ከኣ ምሥጢረ-ትንሣኤ ንምርዳእ ይሕግዝ።ከምቲ ኣብ ቃሉ ዘሎ ኣብ ቤተክርስትያን ቅዱሳት ጽሑፋት እንኪንበቡ ዝዛረብ ክርስቶስ እዩ፥
- ኣብ መኣዲ-እንጌራ ሕይወት፡እቲ ካብ ሙታን ዝተንስኤ ክርስቶስ ብዝክዐ-ሕማማቱን ትንሣኤኡን ብሉነት ህልዊ ይከውን፡እቲ እንጌራ-ሕይወት ከኣ ንናይ መጻኢ ክብሪ ወፈያ/ህያብ ይከውን።ጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ “ እቶም ንመሥዋዕቲ ቅዳሴ ዘቑምዎ ክልተ ክፍልታት፡ማለት ሥርዓተ ቅዳሴን ኣኰቴተ ቊርባንን ብጽኑዕ መንገዲ ነንሓድሕዶም ተኣሳሲሮም ሓደ ተግባር ኣምልኮዐየቑሙ።ስለዚ ቅዱስ ጉባኤዚ ንጓሶት ነፍሳት ምእመናኖም ኣብ ቅዳሴ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሰናብትን ዓበይቲ ብዓላትን ምሉእ ብምሉእ ምእንቲ ክሳተፉ ብተገዳስነት ክምህርዎም ከምዘለዎም ብዉዕዉዕ መንፈስ የተሓስስቡ” (ቅ.ጉባኤ ቁ.56)።

## ቅዳሴ ሰንበት ናብ ተልእኮ ዝመርሕ'ዩ

ተኸቲልቲ ክርስቶስ-እንጌራ ሕይወት ብምቅጻል፡ንርእሳቶም ሓይልን መንፈስን ዝተንሥኤ ጐይታ ለቢሶም ናብ ዝጽበዮም ዕለታዊ ጉዳያቶም ይምለሱ።ሥርዓተ ቅዳሴ ኣብ ውሽጢ ሕንጻ ቤተክርስትያን ጥራሕ ዝውዳእ ነገር ኣይኮነን።ከምቲ ቀዳምነት መሰካክዐ ትንሣኤ፡ኣብ ሰንበት ዝእከቡ ክርስትያን ነቲ ካብ ሙታን ዝተንሥኤ ጐይታ ለቢሶም ናብ ዝጽበዮም ዕለታዊ ጉዳያቶም ይምለሱ።ሥርዓተ ቅድሴ ኣብ ውሽጢ ሕንጻ ቤተክርስትያን ጥራሕ ዝውዳእ ነገር ኣይኮነን።ከምቲ ቀዳሞት መሰካክዐ ትንሣኤ፡ኣብ ሰንበት ዝእከቡ ክርስትያን ነቲ ካብ ሙታን ዝተንሥኤ ጐይታ ዘስተማቅሩን ዝእዉጁን፡ ኣብ ዕለታዊ ሕይወቶም ክምስክርዎ ንተልእኮ ጽዉዓት እያቶም።በዚ ከኣ ካብ ናይ ሰንበት ቅዳሴ ምስተሰናበቱ ተኸቲልቲ ክርስቶስ ንኣምላክዐ ዘሐጉስ ናይ ሕይወቶም ምሉእ ህያብን መንፈሳዊ መስዋዕትን ኪቅርቡ ነናብ ቦታኦም ይምለሱ፡(ሮሜ 12፡1)፡

## ትእዛዝ ሰንበት

ቅ.ቊርባን ሕመረት ሰንበት ስለዝኮነ፡ካብ ጥንቲ - ሚሩ ጓሶት ቤተክርስትያን ምእመናን ኣብ ሥርዓተ ሉጡርጊያ ሰንበት ክሳተፉ ካብ ምዝካዐ ዓሪፎም ኣይፈልጡን፣ ኣብ ኣብ መጽሓፈ ድድስቅልያ “ኣብ ሰንበት ንክሎ ነገር ግደፍ፥ እሞ ናብቲ ጉባኤ ኣመንቲ ኪድ” ፥ ምክዐያቱ ኣብኡ ንኣምላክዐ እትውድሱሉ እዩ እናበለ፥ እዚ ናይ 3^ይ ክፍለ ዘመን ጽሑፍ ይመክር።እንተዘይኮይነ እቶም ቃል-ሕይወት ክሰምዑን፡ካብቲ ንዘለዓለም ዝጸንሕ መለኮታዊ መግቢ ካብ ምምጋብ፥ ኣብ ሰንበት ክመጽኡ ዘይክእሉስ እንታይ ምክዐት ከምጽኡ እዮም? ይብል።ብጠቕላላ ምእመናን ጽዋዔ ጓሶት ብምስማዕ ሽሕ'ኳ ኩሉ ጊዜ ብምልኣት እንተዘይኮነ ኣብ ጊዜ ጸገምን ስደትን ኣብ ነጻነት ሃይማኖት ኣብ ዘይብሉ ሁመታት ከይተረፈ ግቡእ ሰንበት ብትግሃት የማልኡ ነበሩ።ንኣብነት ኣብ ጊዜ ስደት ክርስትያን ብዘመን ደዮቅልሲያኖስ (3^ይ ክ/ዘመን) ኣብ ሰንበተ ምትእክክዐት ተኸልኪሉ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ፥ ኣመንቲ ክርስትና እዚ ናይ ንጉሥ ኣንቀጸ ክልከላ ከይዓግቶም፥ ” ካብ ቅዳሴ ሰንበት ምብኳር ሞት ንመርጽ” ዝብሉ ይርከቡ።ንኣብነት ሰማዕታት ኣቢቲና ነቶም ከሰስቶም “ክትሰግር ስለዘይትክእል መዓልቲ ጐይታና ኣብዒልና እዚ ሕግና እዩ ብዘይብኣኡ ክነብር ኣይንክእልን” ቢሎም ሰማዕትነት መረጹ። ክሳብ መዕረ ክንድዚ ንሰንበት ክብሪ ይወሃብ ነበረ፣ ሎሚ ግን ጸገማት ሃይማኖትን ስደትን ካልእ ነገራት ዘይብልና ክንስና ሰንበት ኣሸንኳን ንምሉእ መዓልቲ ክንቅድሳ ነታ ቅዳሴ ምስማዕኳ ጸጊሙና ሰንበት እታ ብሥራሕ ኣዚዩ ዝጸዓ ቀትን፡ኩሉ ዓይነት ሓጢኣት ዝፍጸመላ ዕለት ኮይና ክንርኢ ከሎና እሞ ከኣ ስክፍ ዘይብልና ብምኳኑ ኣብ ከመይ ዝበለ ኣረመንነት ከምዘሎና ዘትሓሳስብ እዩ።ነዚታት ተገንዚብና ከኣ ኤጳርቅና ከረን ክብሪ ሰንበት ጉዳይ እምነት ስለዝኮነ ኣብቲ ናይ ሓዋርያት ባህልን ልምድን ተመሊስና፡ኣሰር ቀዳሞት ወለድና ክስዕብ'ሞ ሰንበት ዕለተ ቅድስና ክትኮነና ነዚ መተሓሳሰቢ'ዚ ክንጽሕፈልኩም ተገዲድና ። ከምዚ ዝመስለ ሸለልትነታት ምስ ተራእዩ፡ቤተክርስትያን በብእዋኑ ንሰንበት ዝርኢ ሕጋጋት ገበረትልና።ኣብ ራብዓይ ክ/ዘመን ዝተገብሩ ገለ ጉባኤታት ነዚ ዝስዕብ መምርሒታት ሓደጉልና።

- ጉባኤ ኢልቪራ (300 A.D.) ኣብ ቀኖና 21፤ ሰንበት ከይመጽኤ ሰለስተ ተከፁታሊ ብኩራት ዝገበረ ዝግባእ መቅጻዕትታት ይሕብር፤ ብፍላይ ካብ 6[ይ] ክ/ዘመን ንደሓር ዝተገብሩ ጉባኤታት፤ ከም ጉባኤ ኣ- ደ (506 AD) ዝኣመሰሉ። ናይዘን ጉባኤታት ትእዛዝት ናብቲ ኩላዊ ልምዲ ምክባር ሰንበት መርሓና፣ ሰንበት ምክባር ግደታ ምኳኑ ልሙድ ተርእዮ ኮነ።
- ንላቲናዊት ቤተ ክርስትያን ዝርኢ ሕገ ቀኖና ብ1917 ዝወጽኤ፤ ንሙ- መርያ ጊዜ ነዚ ልምድታት ኣኪቡ፤ ንሰንበት ዝርኢ ኩላዊ ሕጊ ገይሩ ኣቐሞ።እቲ 1983 ዝተሓደሰ ቁኖና ላቲናውያን ከኣ "ኣመንቲ ብሰናብትን ዓበይቲ በዓላትን ቅዳሴ ክሰምዑ ኣለዎ"(ቁኖና1247) ይብል። ከማ'ኡውን ናይ ምሥራቃውያን ኣብያተ ክርስትያን ሕገ ቁኖና ኣብ ቁኖና 881,1 ከማኡ ይብል።
- ካቶሊካዊ ትምህርተ ሃይማኖት ኣብ ቁ. 2181 "እቶም ብፌሊጥ ሰንበት ውራይ ቢሎም ቅዳሴ ዘይሰምዑ ዓቢይ ሓጢኣት ይፍፅሙ" ይብል።
- ምእመናን ዓቢይ መከልኢታ ኣጋጠምዎም እንተዘይኮነ ቅዳሴ ክሰምዑ ግዱዳት እዮም።ንሶት ነፍሳት ከኣ እዚ ሕጊ'ዚ ንክፅግበር ምቹእ ባይታ ክቅርቡ ይግባእ።በዚ ከኣ ምእመናን ናይ ሰንበትን በዓላትን ቅዳሴን ንምስማዕ ምእንቲ ክክእሉ ዋላ ኣብቲ ሕጽረት ካህናት ዘለዎ ኣቡናት ንካህናቶም ካብ ሓደ ጊዜ ንላዕሊ ክቅድሱ ፍሉይ ፍቃድ ክህብዎም ቁኖና ቤተክርስትያን መምርሒ ሂቡ ንርከብ፤ ናይ ምሥራቃውያን ኣብያተ ክርስትያን ሕገ ቁኖና ኣብ ቁኖና 294 እዚ ማለት ቅዳሴ ከይሰምዑ ከይውዕሉ ብዝተካእለ መጠን እቲ ክግበር ዝከኣል ክግበር ከምዘለዎ ዝሕብር እዩ።

## ሰንበት ምክባር

ንሰንበት ምክባር ብቅዳሴ ምስማዕ ጥራሕ ክድረት የብሉን፤ዕለተ ሰንበት ካብ ምጅማር ክሳብ ፍጻሜ ናይቲ መዓልቲ ፤ናይ ኣምላክዐ ናይ ድሕነት ሥራሕ እናተዘከረ ክትውዕል ዘለዋ ዕለት እያ።እቲ ሰላምን ሓጎስን ናይቲ ካብ ሙታን ዝተንሥኤ ጐይታ፤ካብ ሉጡርጊያ ወጻኢ ኣብ ሕይወት ሥድራ ሕዝባዊ ርክባት፤ናይ ምዝንጋዕ ጊዜያት ኬንጸባርቅ ይግባእ።እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ሰንበት ከም ጸሎተ መቑጸርያ ቡራኬ፤ካተከዚስ ናይ ምሕረት ስርሓት ዝኣመሰሉ ጽድቂ ንድልበሎም ጉዳያት ክንገብር ይግባእ።

## ሰንበት ኣብ ካህን ዘይብሉ ቦታታት

ኣብ ገለ ቦታታት ናይ ሰንበት ቅዳሴ ክግበረሎም ኣብ ዘይተካእለ ብሓቂ ዓቢይ ጸገም ኣሎ።እዚ ኩነት እዚ ዋሕዲ ካህናት፤ብናይ ዓድታት ራሕቅን ፋሕ ምባልን ኪከውን ይከኣል።
ቤተክርስትያን ኣብ ቦታታ ቅድሴ ሰንበት ኣብ ዘይግበረሉ፤እቶም ምእመናን ኣብ ቁምስናኦም ወይ ቤተጸሎቶም ክእከቡ እሞ፤ከም ልማድ ቤተክርስትያኖም ናይ ንግሆ ጸሎት ብምግባር ናይ ዕለቱ ንባባት ኣንቢቦም ኣስተንቲኖም ኪከፁ ትምዕድ፤ እቶም ብሕማምን እርግናን ካብ ገዛ ኪወጽኡ ዘይክእሉ ከኣ ብመራኸቢ ብዙሓን ኣቢሎም ብመንፈስ ክሳተፉ ዘክእሎም ኮይኑ፤ ምሳኡ ከኣ ቅ.ቊርባን ዘብጽሓሎም ምስ ዝርከብ ከኣ ኣዚዩ እቲ ሃረርታኦም ምሉእ ይከውን።

## ሰንበት መዓልቲ ሓጎስን ዕረፍትን ምትሕግጋዝን እያ፤

ክርስትያን ንመዓልቲ ሰንበት ብቀዳምነት ከም ሰሙናዊ መዓልቲ ጐይታ ገይሮም ከም መዓልቲ ሓጎስ እዮም ዘውዕልዋ። መጽሓፈ ድድስቅልያ "ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን ክትሕጎሱ ኣሎኩም" ይብል፤ ዮሓ ወንጌላዊ "ሓዋርያት ንጐይታ ምስ ርኣይዎ ተሓጐሱ" (ዮሓ 20፡20)

ይብል። በዓለ ሰንበት ነቲ ክርስቶስ ህያብ መንፈስ ገይሩ ዘመሓላልፈላ ሓጕስ መግለጺ እያ(ሮሜ 14፡17,ገላ5፡22) ስለዚ ናይ ሰንበት ምሉእ ትርጉም ክንፈልጥ እንተደለና፡ነዚ ናይ ሕይወት እምነት ዝኮነ ሓቂ ንኣኡ ክንረክብ ኣሎና።ክርስትያናዊ ሓጕስ ንምሉእ ሕይወት ዝዓምም ኪኸውን ኣለዎ'ምበር ናይዛ ሰሙናዊ መዓልቲ ጥራሕ ኪኸውን ኣይግባእን።ዕለተ ሰንበት ከመይ ቢልና ከም እንሕጕስ እንመሃረላ መዓልትን፡ነቲ ሓቀኛ ባህሪን መሠረትን ታሕጓስ ንረክበሉን እዩ።እዚ "ታሕጓስ'ዚ"ምስቲ ስምዒታውን ዓሚቑ ዘይኮነን ባህታ ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ ዝሃጉግን፡ንልቢ ዘየሓጉስን ሓደሓደ ጊዜ መጺጽ ምስ ዝኮነ ክደባለቅ የብሉን፡ብዓይኒ ክርስትና እዚ ሓጕስ'ዚ ቀዋሚ ዘጸናንዕን እዩ።ኣብቲ ጊዜ ጽንኩር ጊዜ ከኣ ጽኑዕ ኮይኑ ሕይወት ዝህብ እዩ።

እንተኾነ ኣብ መንጎ ክርስትያናዊ ሓጕስን ሰብኣዊ ሓጎስን ምግርጫው የልቦን፡እቲ ሰብኣዊ ሓጎስ ኣብቲ ክርስትያናዊ ሓጎስ፡ ኣብቲ ሓጎስ ዝከበረ ክርስቶስ ክብ ብምባል ዝለዓለ መሠረቶም ዝረክቡ።ከምቲ ር.ሊ.ጳጳሳት ጳውሎስ 6[ይ] ዝበልዎ፡" እንታይነት ክርስትያናዊ ሓጎስ ኣብቲ ኣምላካውን ሰብኣውን ዝኮነ ዓሚቁ ታሕጓስ ኣብ ልቢ ዝከበረ ክርስቶስ ዝርከብ ኣባኡ ምስታፉ ማለት እዩ"።ቤተክርስትያን ኣብ መዓልቲ-ጐይታ ነቲ ሓዋርያት ኣብ መዓልቲ ትንሣኤ ንጐይታ ምስርኣይዎ ንዘተሰምየም ሓጎስ ክትምስክሮ ይግባእ፡ቅዳሴ ሰንበት'ምበር ብሓጎስ ኪኸውን ኣለዎ።ነቲ ክርስቶስ ብፍቅሩ ዝቅርበልና ርክብን መኣድን ከመይ ቢልና ክነጽጎ ንኽእል?? እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ እምነት ሰንበተ ክርስትያን ናይ ሓቂ በዓል ክትከውን ከምዘለዎ ዘርኢ እዩ።

## <u>ሰንበት ምልኣት ሰንበተ ኣይሁድ እያ</u>

ናይ ክርስትያን ሰንበት ነቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ሰንበት ምልኣት እያ።ከምቲ ዝረኣናዮ ኣብ ዕለተ-ጐይታ ብሉይ ኪዳን ምስ ሥርሓት ፍጥረት የተሓሕዛ (ዘፍጥ 2፡1-3,ዘፀ 20፡8-11) ዘዳግ 5፡12-15)። እቲ ክርስትያን ግና ነቲ ምሥጢረ ትንሣኤ ክርስቶስ ዝኮነ ሓድሽ-ፍጥረትን ሓድሽ ኪዳንን ኪእወጅ ዝተጸውዔ እዩ።ሰለዚ ሰንበተ-ኣይሁድ ብሰንበተ ክርስትያን ተተኪኣ ጥራሕ ዘይኮነ ምልኣት እያ ረኺባ። እታ ሻብዓይቲ ብኣምላኽ ዝተባረኸት ምስታ ኣምላኽ ንሰብ "ብኣርኣያኡን ኣምሳሉን" ዘፍጥ1፡26 ዝፈጠረላ ሳድሳይቲ መዓልቲ ትተሓሓዝ ስለዝኮነት፡ሰንበት ንኸሉ ሥራሕ ፍጥረት ትዛዝም።

## <u>ሰንበት ዕለተ ዕረፍቲ እያ</u>

ንሓያለ ዘመናት ክርስትያን ንሰንበት ዕለተ ኣምልኮ ጥራሕ'ምበር ከም ዕለተ ዕረፍቲ ይወስድዋ ኣይነበሩን።ኣብ 4[ይ] ክ/ዘመን ሮማውያን ኣብታ "መዓልቲ-ጸሓይ" ዝብልዋ መዓልቲ ካብ ጉዙፍ ሥራሕ ኬዕርፍ ምስ - መሩ ክርስትያን እውን እዛ መዓልቲ ምስ ሰንበት ብምምጻኣ ብዘይ ጸገም ንርእሳቶም ኣብ ጸሎት ከም ዝምጽመዱ ኮኑ።ድሕሪ ውድቀት ዘመን ሮማውያን ጉባኤታት ቤተክርስትያን ዕረፍቲ ሰንበት ብዝምልከት መደባት ኪግበር ካብ ሕድሪ ምባል ኣየቋረጹን።ኣብ ሃገራት ክርስትያን ኣዝዮም ዉሑዳት ኣብ ዝኮኑ ሰንበት መዓልቲ-ጐይታ ብምኻና ምእመናን ንቅዳሴ ዝመጹሉላ ዕለት እያ።

ምብርራይ ሥራሕን ዕረፍትን ኣብ ባህርይ ወዲ ሰብ ዝተሓንጸ ኮይኑ ብኣምላኽ ዝተደልየ እዩ፡ ( ዘፍጥ2፡2-3 ዘፀ 20፡8-11 )፡ ዕረፍቲ "ቅዱስ" ነገር እዩ፡ ምኽንያቱ ሰብ ካብቲ ጽዕቅ ዕለታዊ ምድራዊ ሥርሓት ግልል ቢሉ ኩሉ ነገር ሥራሕ ኣምላኽ ምኻኑ ርድኢቱ ዝሕደሰሉ ጊዜ እዩ። ዕረፍቲ ዘይብሉ ሥራሕ ንሰብ፡ ነቲ ኩሉ ነገር ኣባኡ ዝምስረት ፈጣሪ ኣምላኽ ኣብ ምርሳዕ ገጹ ናይ ምምራሕ ሓደጋ ኣለዎ።

ኣብ ዘሎናዮ ዘመን፡ ነፍስ ወከፍና ነጻነትና ዕረፍትና ምዝንጋዕናን ሃይማኖታዊ ተግባራትናን ሥድራውን ባህላውን ግላውን ግድነታትና ከነረጋግጽ ኣሎና፡ ሰንበት ከም ዕለተ ዕረፍቲ ከኣ ምስሊ ደቂ ሰባት እያ ይብሉ ር.ሊ.ጳጳ. ሊዮ መበል 12 ኣብ Rerum Novarum መልእኽቶም።

## ሰንበት ዕለተ-ምትሕግጋዝ እያ

ሰንበት ንኣመንቲ ናይ ምሕረት ናይ ፍቕሪን ሓዋርያዊ ተልእኮን ንምግባር ዕድል ትህብ ዕለት እያ። ብዘይ ፍቕሪ ታሕጓስ ክህሉ ኣይክእልን እሞ ብሰንበት ክነፍቅር ንጽዋዕ መድሓኒና፥ “ትእዛዛተይ እንተሓሊኹም ኣብ ፍቕረይ ትነብሩ...ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም ነንሓድሕድኹም ክትፋቀሩ እዚ ትእዛዝ እዩ” (ዮሓ 15፥10፥12) ይብለና።
ሰንበት ካብ ጊዜ ሓዋርያት -ሚሩ ምስ ድካፁት ሕውኑታዊ ምስታፍ ዝግበረላ መዓልቲ ነበረት(1ቆሮ 16፥2)።
ኣብዚ ሓሳባት'ዚ ተመርኲስና ኣብ ሰንበት ናይ ምሕረት ሥራሓት ምስ እንገብር ፥እታ ዕለት ትቕደስ ንሕና ከኣ ጸጋ ንረክብ።ብዝተረፈ ካብዚ ወጻኢ ኣብ ዝኮነ ጉዳያት ምስ እንርከብ

i. ሰንበት ከም ዕለታ ኅይታ ኣይትከበርን
ii. ብመንፈስ ኣይረብሕን፥ብኣንጻሩ ኣብ ሓጢኣት ንርከብ
iii. ትእዛዝ ኣምላክነ ቤተክርስትያን ከኣ ነፍርስ።
iv.

## መደምደምታ

ብልምዲ ኣቢሉ ዝተመሓላለፈና መንፈሳውያን ሓዋርያን ሃብታት ሰንበት ናይ ብሓቂ ዓቢይ እዩ።ሰንበት ትርጉሙን ሳዕቤኑን ብትክክል ብምልኣት ምስ እንርድኦ ናይ ክርስትያናዊ ሕይወት ጽማቑን፥ ንክነብር ከኣ ምክንያት ይኾነና። ምክበር ሰንበት ክንየው ትእዛዝ፥ ካብ ዓሚቍ ክርስትያናዊ ሕይወት ዝለዓል ኣድላይነት እዩ። ኩሎም ምእመናን ኣብ ቅዳሴ ሰንበት ብምክፋል እንተዘይኮይኑ ንእምነቶም ክነብርዎ ኣይክእሉን። ነዚ ጉዳይ እዚ ብሓቂ ክርድኦም ይግባእ። ምክንያቱ ሰንበት ድሕነቶም፥ ድሕነት ደቂ ሰባት ዘስተንትንሉ ዕለት ስለዝኮነት እያ፥ ኦሪ- ን ዝብሃል “ እቲ ፍጹም ክርስትያን ኩሉ ጊዜ ከኣ የብዕላ” ይብል። ሰንበት ቤት ትምህርቲ እያ፥ከመይ ክርስትያናዊ ትምህርቲ ንመሃረላ እያ፥ ምስዚ ሎሚ ዝርኤ ዘሎ ብዙሕነት ባህልታትን ጠባያት ሥርሓትን ምዕባሌታትን እምነቶም ብዝምልከት ቀጻሊ ፈተና ስለዝኮነም፥ክመሃሩ እምነቶም ኬደልድሉ ኣድላዩ እዩ፥እዚ ከኣ ኣብ ሰንበት ኪገብርዎ እንተጸዘይክኢሎም ኣጸጋሚ ኮይኑ ይርከብ።

“ ክርስቶስ ሠርዐ ሰንበተ፥ ወጸገወነ ዕረፍተ ከመ ንትፈሣሕ ኅቡረ..” (መዝ. ዘኅዳር)
“ ሰንበት ኣክብሩ ሠናየ ግበሩ፥ ቢጽክሙ ኣፍቅሩ፥ ነዳያነ ወመስኪናነ መሀሩ ..” (መዝ. ሰንበት ዘምኵራብ)፥

ዝተጠቀምኩሙሎም ጽሑፋት
1. John Paull II, Dies Domini, 5 July 1998.
2. Jhon L. Meckenzie, Dictionary of the Bible,
3. Ronald De Vaux, Ancient Isarael: its life and Institutions.